

**ሽም ሕጹይ፡-** Ry Armstrong (they/them)

**ሽም ወፍሪ መረጻ፡-** Armstrong ንኹሉ

**መርበብ ሓበሬታ ወፍሪ መረጻ፡-** armstrongforall.com

**ስልጣን ምምሕዳር ከተማ፡-** ከንቲባ ከተማ Seattle

**ቁጽሪ ተሌፎን ወፍሪ መረጻ፡-** +1 206-657-6287

ኣብ ማእኸል ከተማ Seattle፣ ኣሰር ስድራ ቤተይ ብምኽታል፣ ኣወሃሃዲ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኲይነ የገልግል ኣለኹ። ዝኾነ ብድሆ ካብ ምግጣም ድሕር ዘይብል ሰብ እየ። ንመሰል ሰራሕተኛታት፣ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎም ኣባይትን ስነ-ጥበብን ክጣበቕ ዓመታት ኣሕሊፈ እየ። ኣብ ሓባራዊ ፈጻሚ ዳይረክተር Sustainable Seattle ብዘለኒ ኣስተዋጽኦ፣ ኣብ መንጎና ንዝርከቡ ኣዝዮም ተቓላዕቲ ዝከላኸል ጽኑዕን ፍትሓዊትን ከተማ ንምህናጽ ኣበርቲዐ እሰርሕ። ንኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበር ብምውዳብ ሰሪሐ ኣለኹ፣ ኣብዚ እዋንʼዚ ድማ ኣብቲ ን50,000 ሰራሕተኛታት ስነ-ጥበብ ወኪሉ ንፍትሓዊ ደሞዝ፣ ድሕነትን ጥቕምታትን ዝጣበቕ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ AEA AFL-CIO የገልግል ኣለኹ። ኣብ Seattle LGBTQ ኮምሽን ዘሕለፍክዎ ግዜን ኣብ ተጣባቒነት ዘሕለፍክዎም ዓመታትን ናይ ከተማ ምምሕዳር ከመይ ከም ዝሰርሕ ምሂሩኒ እዩ። ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ንዝሰርሑ ስድራቤታት ኣብ ከተማ ንኽንቀሳቐሱ ንምሕጋዝን ንለውጢ ጸባይ ኣየር ንምምካት ዝሕግዝ ልቀት ትኪ ንምንካይን ብቕናሽ ወይ ብነጻ ኣገልግሎት ክህብ ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ። ድሕሪ ስልጣን ምሓዘይ ኣብተን ቀዳሞት 100 መዓልታት ኣብ መዕቆቢ ገዛ ዘይብሎም 1000 ዓራውቲ ክውስኽ መደብ ኣለኒ። ምቕያር ስርዓታት ኣጠቓቕማ መሬት ማእከላት ክንክን ህጻናት ንምህናጽን ንSeattle ንምሕያልን ክሕግዘና እዩ። ኣብ 2025 ዓ.ም ኢደይ ኣይህብን እየ፤ ከተማና ንዝሓሸ መፃኢ ንምቅላስ ድልውቲ እያ። ደገፍኩም ክትህቡኒ እጥይቐኩም። ፈለማ ንህዝብና ነቐድም። ሓድነት!

*እዞም ሕጹይ እዚኦም ኣብ ፕሮግራም ቫውቸር ዲሞክራሲ ይሳተፉ ኣለዉ።*



**ስም ሕጹይ፦** Bruce Harrell

**ስም ጎስጓስ፦** Bruce ንሲያትል

**ጎስጓስ ዌብሳይት፦** BruceforSeattle.com

**ቦታ፦** ከንቲባ ሲያትል

**ቁጽሪ ተሌፎን ጎስጓስ፦** 206-569-8486

ከንቲባኹም ኮይነ ከገልግል ክብሪ ይስመዓኒ! ምስ ውፉያት ሰራሕተኛታት ከተማና ብምስራሕ፣ ውሑስ፣ ብተመጣጣኒ ዋጋን ንኹሉ ዝቕበልን ሲያትል ቃል ኣቲና ኣለና።

ክሳብ ሕጂ ብዝረኸብናዮም ዓወታት እየ ዝሕበን፦

● ኣብ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎም ኣባይቲ ዝግበር ወፍሪ ምምዝጋብ፣ እንተላይ ንኣዝዮም ተቓላዕቲ ዝኾኑ ደጋፊ ኣባይቲ፣ ከምኡ'ውን ንሰራሕተኛታትን ስድራቤታትን ዝኸውን ኣሽሓት ኣባይቲ።

● ሰራሕተኛታት ሲያትል ፖሊስ ሓዊሱ ምምሕያሻት ድሕነት ህዝቢ፤ ንዝተፀገሙ ርህሩህ፣ ዘይተዓጠቐ ምላሽ ዝህብ ናይ ጉጅለ CARE ምፍጣር፤ ከምኡ'ውን ኣብ ድሕነት መንእሰያትን ምክልኻል ዓመጽ ጠበንጃን ዝግበር ወፍሪ።

● ህንጻታት ጽሩያት ንምግባር፣ ተበጻሕነት መተሓላለፍን ውሑስ ጽርግያታትን ንምምሕያሽ፣ ቻርጅ EV ንምስፋሕ፣ ከምኡ'ውን ኣሽሓት ሓደስቲ ኣግራብ ንምትካል ህጹጽ ስጉምቲ ኩነታት ኣየር ምውሳድ።

● ኣብ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ምትኳር– ምምሕያሽ ጎደናታት፣ ስሉጥ ፍቓድ ምሃብ፣ ከምኡ'ውን ንጡፉት ኣንኣሽቱ ትካላትና ሓገዝ ምሃብ።

ብቫውቸርኩምን ድምጽኹምን፣ ንቕድሚት ክንስጉም ኢና!

● ምስፍሕፋሕ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎም ኣባይቲ– ካብ ኣብ ጥቓ ኣብያተ ትምህርቲ ዝርከቡ ንስድራቤት ዝጥዕሙ ገዛውቲ ክሳብ ንመተሓላለፊ ዝኸውን ኣፓርታማታትን ኮንዶሚንየምን፤ ተበፃሕነት ክንውስኽ፣ ወፃኢታት ክንቅንስ፣ ናይ ወለዶ ሃብቲ ዕድላት ክንፈጥር ኣለና።

● ለውጢ ኣብ ድሕነት– ምልመላ SPD፣ ምስፍሕፋሕ ጉጅለ CARE፣ ምንካይ ዓመጽ፣ ከምኡ'ውን ምፍታሕ ኣጠቓቕማ ፈንታኒልን ንጥረ ነገራትን።

● ምቅልጣፍ መጻኢ ሲያትል– ካብ ምዕራብ ሲያትል ናብ ባላርድ ቀሊል ባቡር፣ ምዝዛም ዋተርፍሮንትን ዳግማይ-ምሕሳብ ማእከል ሲያትልን፣ ንማእከል ከተማ ናብ ሓቀኛ ዕብየት ከተማ ኤመራልድ ምምላስ።

ቀጻሊ ሓገዝኩም ይሓትት።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*



ስም ሕጹይ፦ Joe Mallahan

ናይቲ ጎስጓስ ስም፦ Mallahan for Mayor(ማላሃን ንከንቲባነት ከተማ)

ናይቲ ጎስጓስ መርበብ ሓበሬታ፦ joemallahanforseattlemayor.com

ናይታ ከተማ መሪሕነት ስራሕ፦ ከንቲባ ከተማ ሴያትል

ናይቲ ጎስጓስ ቁጽሪ ተሌፎን፦ 206.229.8149

ከተማ ሴያትል ነቲ ክትኮኖ ትደልዮ ነገር ክትበጽሖ ትኽእል እያ ዝብል እምነት ስለዘለኒ እየ ከንቲባ ንምዃን ዝወዳደር ዘለኹ። ኣዝዩ ስሉጥ መንግስቲ ከተማ ምስ ዝህሉ፡ ሲያትል ብደረጃ ሃገር መርኣያ ገስጋሲ ሞዴል ክትከውን ትኽእል እያ-ከምኡ’ውን ንህውከትን ጭካነን MAGA (ን ኣሜሪካ መሊስካ ዓባይ ምግባር) ዝዓግት ሓይሊ ክትከውን ትኽእል እያ።

ከም ከንቲባ መጠን፣ እታ ከተማ ንኹሉ ሰብ ድሌታት ብፍትሓውን ኣድማዕነትን ከም እተገልግል ክገብራ እየ። ሓቀኛ ተሓታትነት ፖሊስ ብምርግጋጽን ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰባትና ምትእምማን ክምለስ ብምግባርን- ድሕነት ህዝቢ ብዓቢኡ ከነመሓይሽ ይግባእ። ኣብ ቀዳማይቲ ዓመተይ፡ ኣብ ጎደናታትና ብሓቂ እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ባዕለይ ንምርኣይ ክብል ኣብ 50 ፓትሮላት ምስ ፖሊስ ተጸንቢረ እቲ ዝስራሕ ስራሕ ክዕዘብ እዩ።

ኣባይቲ ብቕልጡፍ ንምህናጽ፡ ከምኡ’ውን ገንዘብ ኣብ ንዝሰርሑ ስድራቤታት ዝሕግዙ ፕሮጀክትታት ንምውፋር ዘሎ ኣሰራርሓ ዝቐለለ ክኸውን ክገብሮ’የ። ኣብ ቀዳማይ ዓመት ስልጣነይ፡ ነቲ ናይ ፌደራል ግብሪ ምሕረት፡ ብተመጣጣኒ ዋጋ ዝሸየጥ ኣባይቲ ንምህናጽን፣ ዝያዳ ሰባት ሕክምና ጥዕና ኣእምሮን ወልፍን ንኽረኽቡ ንምግባርን፡ ከምኡ’ውን 5,000 ህጹጽ ዓራውቲ ንምቕራብን ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ክገብር እዩ- ምኽንያቱ እንተደኣ ሓደ ብወልፊ ዝተትሓዘ ሰብ ኣብ ጎደናታት ዝነብር ኮይኑ ነቲ ዘለዎ ወልፊ ክትሕክሞ ኣጸጋሚ ስለ ዝኾነ።

ምሉእ ሞያዊ ስራሕ ዝሰራሕኩሉ እዋናት ኣወንታዊ ለውጢ ኣብ ምፍጣር ኣሕሊፈዮ፣ እዚ ክብል ከለኹ ምስ እቶም ኣብ ቅድመ ግንባር ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ብቐረባ ብምስራሕ ነተን ማእከላይ ዓቕሚ ዘለዎን ንግዳዊ ትካላት ክመሓየሻ ኣብ ምሕጋዝ ሰሪሐ እዩ ማለተይ’የ።ኣብ ቲ-ሞባይል ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ንወከልቲ ኣገልግሎት ዓማዊል ሰሚዐን ንሚልዮናት ትሑት እቶት ዘለዎም ስድራቤታት ልቓሕን ትሑት ዋጋን ኣብ ምቕራብ ሓጊዘን እዩ። ከም ሓደ መተሓባበሪ ማሕበረሰብ መጠን፣ ዓበይቲ ናይ ከተማ ጸገማት ንምፍታሕ ሰባት ብሓባር ክሰርሑ ነይረ እየ።

ነቶም መንበሪ ገዛ ዘይብሎም ሰባት ብሕያውነት ክንሕግዞም ንኽእል ኢና ከምኡ ድማ ሲያትል ዝያዳ ውሑስቲን ርትዓዊ ዝኾነ መነባብሮ ዘለዋ ከተማን ክንገብራ ንኽእል ኢና።

*እዚ ሕጹይ እዚ ኣብ ፕሮግራም ቫውቸር ዲሞክራሲ ተሳታፊ እዩ።*



**ስም ሕጹይ፡** ጆ ሞሎይ

**ስም ጎስጓስ፡** ጆ ሞሎይ ንከንቲባ

**መርበብ ሓበሬታ ጎስጓስ፤** joemolloyformayor.com

**ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝወዳደረሉ ስልጣን፦** ንከንቲባ ሲያትል ከንቲባ

**ቁጽሪ ተሌፎን ጎስጓስ፡** 206-590-1126

ኣነ ጆ ሞሎይ እየ — ተጣባቒ ኣባይትን ስንክልናን፡ ራእይ ዘለዎ ብስርዓታት-ሓሳቢ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ግንባር ናይ ዝተሰብረ ስርዓታት ብሓቀኛ ተመኩሮ ዝተቐረጸ መራሒ።

ኣነ ሞያዊ ፖለቲከኛ ኣይኮንኩን፡ ኣገልጋሊ መንግስቲ እየ — ብዓሚቕ ስምዒት ህጹጽነት ዝድረኸ፡ ኣገልጋሊ መንግስቲ እየ። ነቲ ንከተማና ሒዙዋ ዘሎ ቅልውላው ቤት-ኣልቦነት ንምፍታሕ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ንምውዳእ እየ ዝወዳደር ዘለኹ።

ኣብ ዓለም ካብ ዘለዋ ውሑዳት ቦታታት ምሉእ ብምሉእ ሓሳበይ ክገልጸላ ዝኽእል ምኺነይ ብምእማን፣ ኮነ ኢለ ናብ ሲያትል ገዓዝኩ። ብዙሓት ካልኦት ነዛ ከተማ ብተመሳሳሊ ምኽንያት ገዛ ኢሎም ከም ዝጽውዑ እፈልጥ እየ። ግን ኩላትና ንፈልጦ ኢና — ስርዓታትና ምስ እንምነዮ ኣይሰማምዑን እዮም።

ግን ድማ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም - ንሕና ፍቓደኛታትን ውፍያትን እንተደኣ ኼይንና።

ጎስጓስና ንገዛ ኣልቦነት ንምፍታሕ ጥራይ ኣይኮነን — ከምዚ ዝበለ ንኹሉ ዝሓቁፍን ኩለመዳያውን ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘለዋ ከተማ ምህናጽ፣ ድሕሪኡ ናይ ቤት ኣልቦ ምኳን ተኽእሎ ከምዘይህሉ ንምግባር ኢዩ። እታ መንገዲ እትመርሕ ከተማ ክንከውን ንኽእል ኢና ዝብል እምነት ኣለኒ። እዚ ንሹሎም ካልኦት ኣብነት እዩ።

ቤት-ኣልቦነት እንተፈቲሕናዮ፡ ሓደ ቅልውላው ጥራይ ኣይኮናን ነዐሪ — ውሑስን፣ ዘላቕን፣ ተኽእሎታት ዝመልኦን መጻኢ መሰረት ነንጽፍ።

ነዚ ንምግባር እየ ኣብዚ ዘለኹ - ስለ'ዚ ድማ እየ ደገፍኩም ዝሓትት ዘለኹ።

*እዚ ሕጹይ እዚ ኣብ ፕሮግራም ቫውቸር ዲሞክራሲ ይሳተፍ ኣሎ።*



**ሽም ሕፅይቲ ተወዳዳሪት**: Katie Wilson (ኬት ዊልሰን)

**ሽም ወፈራ**: Wilson for Seattle (ዊልሰን ንሲያትል)

**ወብሳይት ወፈራ**: wilsonforseattle.com

**ኣብ ምምሕዳር ከተማ ትወዳደረሉ ስልጣን፦** ንከንቲባ ከተማ ሲያትል

**ቁፅሪ ቴሌፎን ወፈራ**: 607- 301 - 1836

ኬቲ ዊልሰን ይበሃል፡ ቀጻሊት ከንቲባ ከተማ ሲያትል ክኸውን ድማ ይወዳደር ኣለኹ።

እተን ዝሓለፋ 14 ዓመታት ናይ ሞያዊ ስራሕ ጉዕዞይ፡ ንሰራሕተኛ ስድራቤታት ዓበይቲ ዓወታት ንምምፃእ ዘኽእሉ ጥምረታት ኣብ ምህናጽን ምምራሕን እዬ ኣሕሊፈየን፥ ልዑል መጠን እቲ ንሰራሕተኛታት ክኽፈል ዘለዎ ዝተሓተ መጠን ደሞዝ ሓፍ ምባል፣ ዝሓየለ ሕጋዊ ሓለዋ ተኻረይቲ፣ ዝያዳ ርትዓዊ ዋጋ መንበሪ ኣባይቲ፣ ዝሓሸ ህዝባዊ መጓዓዝያ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ክንዲ ንሕና ድሮ ብዙሕ ንኸፍል ዘለና ክፉላት ማሕበረሰብ እቶም ክኸፍሉ ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ግብሪ ኽኸፍሉ ምግባር። እቶም ፍልልያት ዘለዎም ህዝቢ ከመይ ጌርካ ዓበይቲ ነገራት ንምዕዋት ናብ ሓባራዊ ዕማም ከም እተምጽኦም እፈልጥ እየ።

እዚ ሕጂ ዘሎ ከንቲባ ካብ 2008 ጀሚሩ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ፖለቲከኛ ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ። እብ'ዚ ግዜ እዚ፡ ኣብ ሲያትል ገዛ ንምክራይ ወይ ንምግዛእ ዝወጽእ ወጻኢታት ልዕሊ ዕጽፊ ወሲኹ፡ ከምኡ'ድማ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ጎደናታትና መጽለሊ ዘይብሎም ሰባት በዚሖም ይርከቡ።

ነገራት ከም'ዚ ክኾኑ የብሎምን። ንኹላትና ዝኾኑ መንበሪ አባይቲ ክንሃንፅ ንኽእል ኢና። ድሙቓትን፣ ንምንባር ምቹዋትን ዝኾኑ ከባቢታት መንበሪ ክንሃንፅ ንኽእል ኢና። ንዕብየት ዝፅዕሩ አናእሽቱ ትካላት ንግዲ ክህልዉና ይኽእሉ እዮም። ውሑሳት ብምኳኖም ተጠቀምቲ ድሕነት ክስምዖም ዝገብሩ ጎደናታት ክህልዉና ይኽእሉ እዮም። ንስደተኛ ማሕበረሰባት ሕጋዊ ሽፋን ክረኽቡ ክንገብርን ንኹሉ ሰብ ዕድላት ክንፈጥርን ንኽእል ኢና። ነዚ ድማ ኩላትና ብሓባር ክንዓሞ ንኽእል ኢና። ይኹን እምበር ሲያትል ሓድሽ መሪሕነት የድልያ ኣሎ።

እዚኣ ከተማኹም እያ። ናይ ምግባር ዓቕምኹምን ድምፅኹምን ኣብ ቤት ምኽሪ ከተማ ክረአይ ክገብር ድልየት ኣለኒ። ተፀምበሩኒ፣ እሞ ነዚ ብሓባር ንዕመሞ።

*እዛ ሕጻቲ እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*



**ሽም ሕጹይ፡-** አይዜያ ዊሎቢ (Isaiah Willoughby

**ሽም ወፍሪ መረጻ፡-** ናይ ሕዝቢ ድምጺ (The People’s Voice)

**መርበብ ሓበሬታ ወፍሪ መረጻ፡-**

**ናይ ስልጣን ቦታ፡-** ከንቲባ ሲያትል (Mayor of Seattle)

**ስልኪ ቑጽሪ ወፍሪ መረጻ፡-** (206) 228-4802

ሰላም ሲያትል። ኣነ አይዜያ ዊሎቢ እበሃል ስለዚ ናታትኩም ቐጻሊ ከንቲባ ንምዃን እናተወዳደርኩ እየ።

ኣብ ስርሐይ ፖለቲከኛ አይኮንኩን፤ ከተማና እናጋጠምዋ ዘለዉ ትኽክለኛ ማሕለኻታት ዝርዳእ ኣባል ማሕበረሰብ እየ። ኣብ ኣባይቲ ልምዓት ውሽጢ ሰሪሐ እየ፣ ነቲ ስርዓት አጽኒዐዮ እየ፣ ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ቃልሲ ምውሳኽ ወጻኢታትን ዝተበላሸው ፖሊሲታትን እውን ሓሊፈዮ እየ።

ካብ ኖርዝ ሲያትል ኮሌጅ (North Seattle College) ናይ ሪል እስቴት ዲግሪ ዘለኒ እንትኾን፣ ኣብ ፈጠራ ስራሕን ምውዳብ ማሕበረሰብን ልምዲ ኣለኒ። እቶም ጉዳያት ስለ ዝገጥሙኒ እየ ዝፈልጦም-ትኽክለኛ ፍታሕ ድማ ነቶም ብቐጥታ ዝተጸልዉ ሰባት ብምስማዕ ከም ዝመጽእ እፈልጥ እየ።

ከም መጠን ከንቲባ፣ ኣብዞም ዝስዕቡ ነገራት ትኹረት ክገብር እየ፡-

- ብሓቂ ብዋጋ ተመጣጣኒ ዝኾኑ ኣባይቲ
- ምስ ሕብረተሰብ ምትእምማን ዝፈጥር ህዝባዊ ድሕነት
- ንዝሰርሑ ስድራቤታትን ንኣሽቱ ትካላትን ንኽሰስኑ ዝሕግዝ ድልዱል ናይ ከባቢ ቁጠባ

እዚ ወፍሪ መረጻ “ድምጺ ህዝቢ (The People’s Voice)” ተባሂሉ ዝተሰየመ ካብ’ቲ ዝተለመደ ፖለቲካ ሓሊፉ ኣመራርሓ ክፍቲ፣ ግልጽን ኣብ ኣገልግሎት ዝተመስረተ ክኸውን ከምዘለዎ ስለ ዝኣምን እዩ።

ብሓባር ኩሉ ሰብ ዝስማዓላ፣ ዝድገፈላን ሓይሊ ዝህበላን ሲያትል ክንሃንጽ ንኽእል ኢና።

ንዝሃብኩምኒ እምነትን ድምጽን የመስግነኩም።

*እዚ ሕጹይ እዚ ኣብ ፕሮግራም ቫውቸር ዲሞክራሲ ተሳታፊ እዩ።*



**ስም ናይ ሕጽይቲ፡-** ኣን ደቪድሰን

**ስም ናይ ወፈራ** ጎረባብቲ ንኣን

**ወብሳይት ናይ ወፈራ፡-** https://neighborsforann.com/

**ኣብ ከተማ ዝህልዋ ቦታ፡-** ሕጺቲ ተወዳዳሪት ንዓቃብ ሕጊ ከተማ

**ቁጽሪ ስልኪ ናይ ወፈራ፡-**(206) 257 - 2206

ካብ 2022 ኣትሒዘ ዓቃብ ሕጊ ኸተማ ሲያትል ኰይነ ምግልጋለይ ዓብዪ ኽብሪ እዩ ኾይኑኒ ኣብ ሲያትል ዘሎ ህዝባዊ ድሕንነት ኣብ ምምሕያሽ ንኽተኮር ድማ ሓይሊ ይህበኒ ኣሎ ። ንሕግታት ንምምሕያሽ ወይ ንኣሰራርሓ መንግስትታትና ንምምሕያሽ ምስ ሓጋግቲ ሕጊ ወይ ምስ ባይቶ ኸተማ ብምዕያይ ኣብ ናይ ሓቂ ግዜ ተሓታትነት ናብ ስርዓት ገበናዊ ፍትሒ ኣብ ምእታው ዘተኰርኩ እኳ እንተ ኾንኩ ንስርዓታትና ንህዝቢ ንምብጻሕ ብኸመይ ብዝበለጸ መገዲ ኽም ዚዓዩ ኣብ ምግባር እየ ዘተኮርኩ። ካብ ቦታታት ሓሸሽን ምንዝርን ብምርሓቕ ንህዝባዊ ቦታታት ከተማና ንምሕላው ሕግታት ኣውጺአ እየ፣ እዚ ኸኣ ነተን ንመሳኪን ሰባት ዚሃድና ገበነኛታት ትካላት ዚርብሽ እዩ። ንህዝቢ ብዛዕባ ስራሐይ ከምኡውን ብዛዕባ እቲ ዝገበርክዎ ውሳነታት መሰረት ምእንቲ ኽሕብሮም ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ናይ ሓበሬታ ጽሬት ከምኡውን ምዕቡል ናይ ማሕበረሰብ ኣጠቓቕማ ኣብያተ - ጽሕፈት ኣኽበርቲ ሕጊ ኢየ ዘለኹ። ንህዝባዊ ድሕንነት ዕላማ ብምግባር፣ ነቶም ክቡር ዝዋግኣን ዘይኮና ማካይን ናብ ዕዳጋና ዜእትዉ ሰራሕቲ ማካይን ንክስረቓ ዓቢ ሓደጋ ከምዝህሉ ተማሕጺነዮም ኢየ። ንኣከባብያዊ ጽሬት እታ ዱዋሚሽ እትበሃል ኣብታ ሃገር ካብ ዝርከብ ገዚፍ ከሚካዊ ኩባንያ ዝዓበየት ከተማ ንምጽራይ 160 ሜተር ናብ ሲያትል ኣምጻእኩ። ንሲያትልን ንሕግታታን ከዕቀኑብ እየ መጺአ ዳግም እንተ ተመሪጸ ኸኣ ኣይከደክምን ወይ ኣየቋርጽን እየ።

*እዛ ሕጽይቲ እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*



**ሽም ሕጽይቲ፦** ኤሪካ ኤቫንስ (Erika Evans)

**ሽም ጎስጓስ መረፃ፦** ንኤሪካ ኤቫንስ ይምረፁ

**መርበብ ሓበሬታ ጎስጓስ መረፃ፦** www.ElectErikaEvans.com

**ዝወዳደራሉ ዘለዋ ሓላፍነት ምምሕዳር ከተማ፦** ላዕለዋይ ዓቃቢ ሕጊ

እታ ኸተማ (City Attorney)

**ኢሜይል ጎስጓስ መረፃ፦** info@ElectErikaEvans.com

ናትኩም ናይ መፃኢ ላዕላዋይ ዓቃቢ ሕጊ ሲያትል (Seattle City Attorney) ንምዃን ዝወዳደረሉ ምኽንያት እዛ ከተማ ስለዝፈትዋን ዝሓሸ ስራሕ ክንሰርሕ ከምእንኽእልን ስለዝፈልጥን እዩ። ኣብ ናይ ሲቪላዊን ቁጠባዊን መሰላት ትነጥፍ ስድራቤት ተወሊደ ዝዓበኹ እንትኸውን፣ በዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ማሕበረሰባትና ዘጋጥሞም ዘሎ ቃልሲ ባዕለይ ኣሕሊፈዮ እየ። ኣብ ናይ ስራሕ ህይወተይ መዋእለይ፣ ንመሰልና ክጣበቕን ንድሕነት ሰባት ዝጣበቑ ሕግታት ክሕንፅፅን ፀኒሐ እየ።

ኣብ ቤት ፅሕፈት ላዕላዋይ ዓቃቢ ሕጊ ሲያትል (Seattle City Attorney Office) ኣብ ክልቲኡ ክፍሊ ገበንን ሲቪልን ዘገልገልኩ እንኮ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ኣነ እየ። እዚ ቤት ፅሕፈት ከመይ ከም ዝንቀሳቐስን ትኽክለኛ ለውጢ ከመይ ምምፃእ ከም ዝከኣልን እፈልጥ እየ። ብግዝያዊነት ናይ መዘጋጃ ቤት ፍርዲ ዳኛ ኮይነ ዘገልገል ብምዃነይ ተሓታትነት እንታይ ምዃኑ ተገንዚበ እዩ። ኣብ ናይ ፌደራል ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ዝሰርሓሉ ግዜ፡ ክፍሊት ደመወዝ ዝሰረቑ ኣስራሕቲ ተሓተትቲ ገይረ፣ገበናት ፅልኢ ናብ ፍርዲ ኣቕሪበን፣ መሳርሒ ኲናትን ናይ ፌንታኒል መዘዋወርትን ተጠየቕቲ ገይረን ነቶም ጥቕዓት ንዝበፅሖም ወገናት ተሓሊቐ ሰሪሐን እዩ።

ሓቀኛ ውሑስነት ንሰባት ካብ ምእሳር ንላዕሊ ትርጉም ኣለዎ። እዚ ማለት ሓልዮት ዝተመልኦ ከይዲ ተሓታትነት፣ ፅኑዕ ሓለዋ ሰራሕተኛን ከባቢን፣ ነፃነት ስነ-ተዋልዶን ከምኡ’ውን ሓቀኛ ኣማራፂታት ማእሰርቲ ማለት እዩ። በዚ ድማ እዩ ካብ ንሰባት ብተደጋጋሚ ምእሳርን ምፍታሕን፡ ኣብ ሕውየት ዘተኩረ ሓድሽ ናይ ማሕበረሰብ ቤት ፍርዲ ንክምስረት ክሰርሕ እየ።

ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ልዕሊ መሰላትና ጥቕዓት ኣብ ዝፍጽመሉ ግዜ፡ ነዚ ክቃለስ ዝኽእልን ካብ'ታ ፈላመይቲ ዕለት ጀሚሩ ኣመራርጋሓ ክህብ ዝኽእልን ልምዲ፣ ድፍረትን ፍልጠትን ዘለዎ ላዕለዋይ ዓቃቢ ሕጊ ከተማ የድልየና። ኣነ ድልውቲ እየ።

*እዛ ሕጽይቲ ኣብ ፕሮግራም ቫውቸር ዲሞክራሲ ትሳተፍ ኣላ።*



**ሽም ሕጹይ፡-** Rory O'Sullivan

**ሽም ወፍሪ መረጻ፡-** ናይ Rory O’Sullivan ኣዕርኽቲ

**መርበብ ሓበሬታ መረጻ፡-** [www.electrory.com](http://www.electrory.com)

**ብዓል ስልጣን ምምሕዳር ከተማ፡-** City Attorney (ዓቃቢ ሕጊ ከተማ)

**ቁጽሪ ተሌፎን ወፍሪ መረጻ፡-** 206-356-9852

Seattle ድሕንነት ከተማና ዘመሓይሽ City Attorney ክትረኽቦ ዝግባእ እዩ። ኩላትና ፀረ ገበን ኢና፤ ጸረ ገበን ምኳን ጥራይ ግን እኹል ኣይኮነን። ክሳብ ሕጂ መፍትሒ ክንረክብ ኢና ንጽበ ዘለና።

ናይ City Attorney እቲ ቤት ጽሕፈት ቤት ፍርዲ ማሕበረሰብ ዓጽዩ፣ ምስ ዝተመርጹ ዳያኑ ተቓሊሱ፣ እቲ ሰኺርካ ምዝዋር መኪና ክሳብ 85 መዓልታት ክናዋሕ ፈቒዱ፣ ዘይሕገ መንግስታዊ ትእዛዝ ኣኽበርቲ ሕጊ ንምክልኻል ዝገብሮ ነገር የለን፣ ነቲ ክገብሮ ቃል ዝኣተወላ ዝያዳ ውሑስን ርህሩህን ከተማ ንምፍጣር ድማ ኣይከኣለን።

ኣብ ሞያ ህይወተይ ንሰራሕተኛታት ክጣበቕን ፍትሓዊ ተበጻሕነት ንፍትሓዊ ስርዓትና ክረጋገጽን ንጡፍ ተሓባባሪ ክኸውንን ክኢለ እየ። Seattle ንዜጋጥመና ጸገማት ዝኸውን መፍትሒ ናይ City Attorney ቤት ጽሕፈት ንምምራሕ ድሉው እየ።

ካብ ገበን ንምውፃእ ዕድል ንምፍጣር ናይ ማሕበረሰብ ቤት ፍርዲ ዳግም ክምስርት እየ፣ ኣብ ልዕሊ ዘቤታዊ ዓመፅን ሰኽርካ ምዝዋር መኪናን ዝፍፀም ገበን ንምቅላል ኣብ ቤት ፍርዲ መስርሕ ክተኣታትው እየ፣ ዳግማይ ገበን ንምፍፃም ዘኽእል ኩነታት ክፈጥር እየ፣ ንሰራሕተኛታት ካብ ናይ ስራሕ ቦታ ግህሰት ንምክልኻል ድልዱል ደረጃታት ዕዮ ከተግብር፣ ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዘተኮረ ብቑዕ ናይ city attorney ቤት ፅሕፈት ክሃንፅ እየ።

ደገፍቲ፡- ኮሚሽነር መድሕን Patty Kuderer፣ ኣባል ባይቶ Rebecca Saldaña፣ ወኪላት መንግስቲ Chipalo Street እና Sharon Tomiko Santos፣ ኣባላት ቤት ምኽሪ ከተማ ነበር Tammy Morales እና Mike O’Brien, Seattle Dispatchers’ Guild ካልኦት እውን።

*እዚ ሕጹይ ኣብ ፕሮግራም ዲሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*



**ስም ሕጹይ፡-** ኤዲ ሊን

**ስም ወፈራ፡-** ኤዲ ን ሲያትል

**ውብሳይት ናይ ወፈራ፡-** https://neighborsforann.com/

**ኣብ ከተማ ዝወዳደረሉ ሓላፍነት፡-** ሕጹይ ቤት ምኽሪ ከተማ ደረጃ 2

**ቁጽሪ ተሌፎን ጎስጓስ፡-** 206-734-7412

ከም ተሓጋጋዚ ዓቃቢ ሕጊ ከተማ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ መጠን፡ ኤዲ ንኣሽሓት ኣሃዱታት ርትዓዊ ዋጋ ዘለዎም ኣባይቲ ንምምዋል ንዓመታት ክሰርሕ ጸኒሑ እዩ። ሰማይ ዓሪጉ ዘሎ ክራይ ገዛ ምንካይ ቀዳምነት ክወሃቦ ኣለዎ ኢሉ ይኣምን። ኤዲ ነቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ንከተማና ብፍላይ ድማ ንሳውዝ ኤንድ ጾር ዝጸንሐ ሕድሪ ናይ ምግላል ዞባታት፡ ቀይሕ መስመር፡ ከምኡ'ውን ስርዓታዊ ሕጽረት ወፍሪ ንምፍታሕ ክይተሓለለ ክሰርሕ እዩ።

ኤዲ ወዲ ሓደ ታይዋንዊ ስደተኛ እዩ፣ ኣብ ዝዓበየሉ ሰሜን ካሮሊና ድማ ኣድልዎ ኣጋጢምዎ እዩ። ናይ ኮለጅ ትምህርቱ ክፍሊት ምእንቲ ክኸፍል ኣብ ስኮላርሺፕ፣ ቁጠባዊ ረድኤት፣ ከምኡውን ብዙሕ ስራሕ ይሰርሕ ነበረ። ቀባኢ ገዛ፣ ኣብቲ ኸባቢ ኣብ እትርከብ ቤተ-ክርስትያን ሰራሕተኛ ጽሬት፣ ከምኡውን ብብሽክለታ ተለኣኺ እዩ ነይሩ። ከምቲ ስትረንጀር ዝበሎ "እቲ ኣብ ሲያትል ዘጋጠመ ናይ ዋጋ ጸገም ንኤዲ ሓድሽ ኣይኮነን፣ ዝነብሮ ዘሎ ናብራ ኢዩ።"

ኤዲ ነቲ ኣብ ሲያትል ዘጋጠመ ዝኸበደ ብድሆታት ንምፍታሕ ዝግበር ጻዕሪታት ህጹጽ ብዘይምኻኑ ስለ ዘተሓሳሰቦ ይወዳደር ኣሎ። ህዝባዊ ድሕንነት፣ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘይምህላው፣ ግዳም ሓደር ምኻን፣ ወይ ዝተፋላለዩ ብድሆታት ህዝባዊ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ብዘየገድስ ዕቤት ንምግባርን ጭቡጥ ምምሕያሽ ንምምጻእን ድሉው እዩ።

ኤዲ፣ ሲያትል ናይ ኩሉ ሰብ ቦታ ኪኸውን ከም ዘለዎ እዩ ዚኣምን– ስለዚ ኸኣ እዩ ነቶም እንተኣማመነሎም ኣድለይቲ ኣገልግሎታት ንምምዋል ነቶም ሃብታማት ትካላትን ነቶም ኣዝዮም ሃብታማትን ግብሪ ክኸፍሉ ከምዘለዎም ዚድግፍ።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*



**ስም ሕጹይ፡-** Adonis Ducksworth (ኣዶኒስ ዳክስዎርዝ)

**ስም ወፈራ፡-** ኣዶኒስ ንሲያትል

**ውብሳይት ወፈራ፡-** [AdonisForSeattle.com](AdonisForSeattle.com)

**ናይ ከተማ ወንበር፡-** ኣብ ቤት ምኽሪ ከተማ ወንበር 2

**ቍጽሪ ተሌፎን ወፈራ፡-** 206-495-5597

ኣብ Beacon Hill (ቢኮን ሂል) ኣብ እትርከብ ሰለስተ ገዛውቲ ዝሓዘት ህንጻ ኣደይ በይና ኣዕቢያትኒ። ብሙሉኡ ኣብቲ ኸባቢ መንበሪ ምስ መሓዙተይ ምጽዋት ብዝምልከት ባህታ ዝፈጥሩለይ ተዘክሮታት እዮም ዘለዉኒ። ኣብ ጥቓ ኣብያተ ትምህርትን ኣገልግሎታትን ዝርከብ ብተመጣጣኒ ዋጋ ኣባይቲ መንበሪ ምርካብ ንዓና ንምርግጋእና ወሳኒ እዩ ነይሩ።

ሎሚ ሰባት ብዛዕባ ብሸጉጥ ዝፍጸም ዓመጽ፡ ብዛዕባ ገዛ ምህላው ዘይክእሉሉ ተኽእሎ፡ ብዛዕባ ካብ ገዝኦም ብሰንኪ ልዑል መጠን ክፍሊት ምውጻእ፣ ከምኡ’ውን ንቀልዑ ዕድላት ዘይምህላዎም ኣመልኪቶም ይጭነቁ።

ኣብ'ተን ዝሓለፋ 10 ዓመታት፡ ኣብ ከተማ ሲያትል ከም በዓል ሞያ ህዝባዊ ርክብ፡ ተሳትፎን ክኢላ ፖሊሲን ኮይነ ሰሪሐ’የ። ኣብ መላእ እታ ኸተማ ሰባት ነገራት ንምፍጻም ብሓድነት ክንቀሳቐሱ ናይ ምግባር ተመኩሮ ኣሎኒ።

ንማሕበረሰብና ዝሓሸ ኸንገብር ከም እንኽእል ስለ ዝፈልጥ እየ ድማ ኣብ'ዚ ዝወዳደር ዘለኹ።

በቲ ካባኻትኩም ዝረኸቦ ድምጺ፣ ነቶም ዘግብኡና ውጽኢታት ክረኽቦም እየ፡-

- ነቶም ኣብ ደቡባዊ ጫፍ ክነብ ዝደልዩ ሰባት ዝሓሹ ኣማራጺታት መንበሪ ኣባይቲ፤ ነቶም ኣብ ገዝኦምን ከባቢኦምን ክጸንሑ ዝደልዩ ሰባት ድማ ዝያዳ ኣማራጺታት ክረኽቡ።
- ዝያዳ ተሓታትነት ዘለዎም ኣባላት ፖሊስ፡ ምስፍሕፋሕ ግብረ መልሲ ዝህቡ ኣባላት ጉጅለ CARE፡ ከምኡ’ውን ኣብ'ተን ነቶም ብጥይት ተሓጊዝካ ዝካየዱ ዓመጻት ዝቐንሱን ንህጻውንቲን ኣናእሽቱ ንግዳዊ ትካላትን ዝከላኸሉ ምትእትታዋት ወፍሪ ምክያድ።
- ኣብ'ቲ ኣብ ናይ መጓዓዝያ ቐረጽ ዝተረኸበ ዓወት ዝያዳ ብምቕጻል፡ ኣብ ጎደናታት Rainier ን MLKን መካይን ብዝሑል ናህሪ ክጓዓዛ ኣብ ምግባር፡ ትራንዚት ውሑስን ዘተኣማምንን ንምግባር፡ ከምኡ’ውን ንኹሎም ተጠቀምቲ ዝያዳ ውሑስ፡ ዝያዳ ክትግምቶ ዝከኣልን፣ ስሉጥን ኣማራጺታት ንምቕራብ ክሰርሕ’የ።

*እዚ ሕጹይ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራስያዊ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*



ሽም ሕፁይ፡- ጂኒ ቹን (Jeanie Chunn)

ሽም ወፍሪ መረፃ፡- ንጂኒ (Jeanie) ድምፂ ይሃቡ

መርበብ ሓበሬታ ወፍሪ መረፃ፡- votejeanie.com

ዝወዳደርሉ ስልጣን ምምሕዳር ከተማ፡-ቤት ምኽሪ ከተማ (City Council) ናይ ስልጣን ቦታ 2

ስልኪ ቑፅሪ ወፍሪ መረፃ፡- 206-255-4562

ናይ ብሓቂ ኣብዚ ወሳኒ እዋን ሲያትል ዘዳምፃ፣ ምስ ማሕበረሰቡ ጠንካራ ምትእስሳር ዘለዎ፣ ብፍሉይ ድሌታት ዘይተገዝኣን ንተዓፃፃፊ ለውጢ ብድፍረት ንምቅላስ ድሉው ዝኾነ ኣባል ቤት ምኽሪ የድልየ። ነዚ ደው ዝብል ድምፂ ንምኳን እናተወዳደርኩ እየ።

ከተማና ከበድቲ ማሕለኻታት እናጋጠምዋ እዮም፡- ንሃፍታም ዝጠቅም ድሑር ስርዓት ግብሪ፣ ተሓታትነት ዝጎደሎ መምርሒ ፖሊስን መሰረታዊ መንቀሊታትን ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ድኽነት ዘወንጅል ምምሕዳር። ስለ እሴታት ዝዛረብ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብህይወቱ ዝትግብሮም ኣመራርሓ የድልየና።

ተሓላቒ መሰል ኮይነ ኣብ ዘሕለፍክዎ ነዊሕ እዋን ዝለዓለ ለውጢ ዘምፅኡ ፖሊሲታት ንክፀድቁ ሓጊዘ ኣለኹ፡- ጀምፕ እስታርት ሲያትል (JumpStart Seattle)፣ ፔይ ኣፕ (Pay Up) ሕጊ፣ ዝተገደቡ ናይ ዲሊቨሪ ክፍሊታት፣ ነፃ ካብ ገዛ ወፃኢ መመገቢ ፍቓድን ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ገለልተኛ ምግብቤታት ዘቅርብ $28.6 ቢሊዮን ናይ ፌደራል እፎይታ። ነገራት ከመይ ምጥንቓቕ ከም ዘለኒ ዝፈልጥ እንትኸውን፣ በቢ መዓልቱ ዲስትሪክታትና በዚ መልክዕ ንምግልጋል ድሉው እየ።

ኣብ ክንዲ ትርፊ ሰባት ማእኸል ዝገብር ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎ መንበሪ ገዛ፣ ማሕበረሰብ-መሪሕ መፍትሒታት መሰረት ዝገበረ ናይ ህዝቢ ድሕንነትን ኣናእሽተይ ናይ ንግዲ ስራሕቲን ሰራሕተኛታት ውፅኢታዊ ዝኾንሉ ዝማዕበለ ከባብያዊ ኢኮኖሚያዊ ጋህዲ ንምግባር ውፉይ እየ።

ብሓባር ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዋ፣ ተሓታትነት ዝሰፈናን ንኹሉ ተቐባሊት ዝኾነት ከተማ ምህናፅ ንኽእል ኢና። ስልጣን ካብ ድሌታት ኮርፖሬት ኣልዒልና ኣብ ሲያትል መንበሪኦም ናብ ዝገበሩ ሰባት ንዝር። ኩሉ ሰብ ዝከበረላን ውፅኢታዊ ዝኾነላን ከተማ ንምፍጣር ድምፆም ንክህቡኒ እሓትት።

*እዚ ሕፁይ ኣብ ዲሞክራሲ ቫውቸር ፕሮግራም ውሽጢ እናተሳተፈ እዩ።*



**ስም ሕጹይ፦** Nathan Rouse

**ናይቲ ጎስጓስ ስም፦** Vote Rouse

**ናይቲ ጎስጓስ መርበብ ሓበሬታ፦** www.voterouse.com

**ብዓል ስልጣን ምምሕዳር ከተማ፦** City Attorney (ዓቃቢ ሕጊ ከተማ)

**ናይቲ ጎስጓስ ቁጽሪ ተሌፎን፦** 206-593-2203

ኣነ **Nathan Rouse፣ ናይ ህዝቢ ተሓላቒ፣ ናይ ሕጊ ተጣባቒ፣ ከምኡ'ውን ኣቦ እየ፣** ቀጻሊ ድማ **ዓቃቢ ሕጊ ከተማ** Seattle ክኸውን ዝጎዩ ዘለኹ እየ። ኣብ ናይ ህዝባዊ ተሓላቒ ሞያይ ኣብ ልዕሊ እቶም ብዝተሰብረ ስርዓታት ዝፈሸሉ ሰባት ደው ኢለ ንፍትሓውነትን ተሓታትነትን ካልኣይ ዕድላትን ኣብ ምቅላስን እየ ኣሕሊፈዮ።

ኣነ ዝጎዩ ዘለኹ ነዛ ከተማ ኣዝየ ስለ ዝግደስን **ንኹሉ ሰብ—ንሓይሊ ዘለዎም ጥራይ ዘይኮነ** ዝሰርሕ ስርዓተ ፍትሒ ከም ዘድልየና ስለ ዝኣምንን እየ። ንኸቢድ ገበናት ዝምልሱ **ሓቀኛ ናይ ህዝባዊ ድሕነት መፍትሒታት** የድልዩና እዮም፣ ኣብ ርእሲኡ ድማ ነቶም ዳግማይ ናብ ማሕበረሰብና ንዝኣትዉ ሰባት ትርጉም ዘለዎ ምሕዋይን ደገፍን ዝህቡ እዮም። **ንሰራሕተኛታትን ተኻረይትን ክንከላኸል፣ ንግዳያት ገበን ዝያዳ ድልዱል ናይ ካሕሳ ፋንድ ክንምስርት፣** ከምኡ'ውን ንገስጋሲ **ክብርታት Seattle** ደው ክንብል ኣለና-ብፍላይ ካብ ምምሕዳር Trump መጥቃዕቲ ኣብ ዝወርደሉ እዋን። እቲ ዓንዲ ሑቀና ክህልዎ ኣብ ዓቃቢ ሕጊ ከተማ ሪፓብሊካን ክንምርኮስ ኣይንኽእልን ኢና።

እቲ ሕጂ ዘለናዮ ኣቀራርባ ፍትሒ ከመይ ከምዘይሰርሕ መዓልታዊ ብዓይነይ እርእዮ ኣለኹ። ብዙሕ ግዜ፣ ንሰባት ብመሰረታዊ ጠንቂ ገበን ከይተፈትሑ ወይ'ውን ድሕሪ ምፍታሖም ክዕወቱ ከይሓገዝና ዳግማይ ገበን ከይፍጽሙ ብስርዓት ንንቀሳቐሶም ኢና። ትርጉም ዘለዎ ተሓታትነት እናረጋገጸ ብጭቡጥ ድሕነት ህዝቢ ዘመሓይሹ **ብመረዳእታ ዝምራሕ ፖሊሲታት** ከድህብ እየ።

**ውሑስትን ፍትሓዊትን Seattle** ንምህናጽ እየ ዝጎዩ ዘለኹ-ንስኻትኩም ድማ ክትጽንበሩኒ ተስፋ እገብር።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*



ስም ሕጹይ: Jesse A. James

ስም ጎስጓስ: Jesse A. James for Seattle

መርበብ ሓበሬታ ጎስጓስ፡ jesseajames.com

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝወዳደረሉ ስልጣን፡ ቤት ምኽሪ ከተማ ንደረጃ 8

ቁጽሪ ተለፎን ናይ ጎስጓስ: (206) 657-7062

ከም መጠን ሓደ ናይ ሚለኒያል ሙዚቀኛ/ጸሓፊ ኣብ ስራሕን ክራይ ኣባይቲ ምርካብን ዘሎ ጸገማት ብቀጥታ ዝፈልጦ ስለዝኾንኩ፣ ከም ኣባል ቤት ምኽሪ ቀንዲ ቀዳምነታተይ ሲያትል ሰላማዊትን ኩሉ ሰብ ብዓቕሙ ክነብረላ ዝኽእልን ከተማ ምግባር እዩ።

ኣብ 2022፣ ኣብ ዙርያ ምምሕያሽ ግብረን ናይ ተዋልዶ መሰላትን ማእኸሉ ዝገበረ መድረኽ ብምኧን ንኮንግረስ ተወዳዲረ ነይረ። ኣብ 2024 ናብ'ቲ ሓዲሽ ዝኾነ Cascade Party (ፓርቲ ካስከይድ) ተጸምቢረ፣ ድሕሪ እቲ ሓሳባትካ ናይ ምግላጽ ነጻነትን ዓለምለኻዊ ዝኾነ ክንክን ጥዕናን ናብ'ቲ መድረኾም ክሕወስ ኣብ ምግባር ዝገበርኩዎ ዕዉት ድፍኢት ድማ ኣብል እቲ ቦርድ ኮይነ ተመሪጸ።

ን ከባቢያዊ መንግስቲ ብዝምልከት ስነ ሓሳብ ድሕሪ ክውንነትን ሕብረተሰብን ክስራዕ ኣለዎ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ኣብዚ ድማ እዩ እቲ ሓቀኛ ለውጢ ዝመጽእ።

ፖሊሲ ፌደራል ኣደናጋሪ እዩ፣ ኣብ ከባቢያዊ መንግስቲ ድማ ርግኣት የድልየና። ሲያትል ኣብ'ተን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት ኣብ ህዝባዊ ድሕነትን ኣብ መንበሪ ኣባይቲን ምምሕያሽ ጌራ'ላ፣ ጎናጎኒ እዚ ድማ ከተማና ንቢዝነስ ሰሓቢት ኮይና ክትቅጽል ተገይሩ እዩ። ንሰባት ሕያዎት ብዝኾኑ ማሕበራዊ መደባት ኣቢልና ብምሕጋዝን ኣብ ርእሲኡ ድማ ንወነንቲ ንኣሽቱ ትካላት ደገፍ ብምሃብ ጽቡቕ ሚዛን ክንረክብ ንኽእል።

ቀጻሊ ምስፋሕ ቀሊል ባቡር ብምሉእ ልቢ እድግፍ። ደጋፊ እቲ ኣብ ሽኮራዊ መስተ ዝተገብረ ግብሪ ምውጋድ ዝብል ምንቅስቓስ እየ። እዞም ፖሊሲታት'ዚኣቶም ምስቲ ኣብ ቤት ምኽሪ ፍትሓውነትን ሓላፍነትን ንምምጻእ ዘለኒ ዕላማ ዝሰማምዑ'ዮም፣ ንኽፍጸም ድማ ኣበርቲዐ ክሰርሕ እዬ ኣብ'ዚ ዘለኹ!

Krist Novoselic ከምኡ ድማ ካልኦት ዘጽደቑዎ።

*እዚ ሕጹይ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ኣይሳተፍን ኢዩ።*



ሽም ሕጹይ፡- ሬቸል ሳቨጅ (Rachael Savage)

ሽም ወፍሪ መረጻ፡- ፈተውቲ ሬቸል ሳቨጅ፡- ቤት ምኽሪ ከተማ (City Council)

መርበብ ሓበሬታ ወፍሪ መረጻ፡- http://www.savageforseattle.com

ስራሕ መደብ ከተማ፡- ስራሕ ቦታ 8 ቤት ምኽሪ ከተማ

ስልኪ ቁጽሪ ወፍሪ መረጻ፡- (206) 657-7062

ከም ወናኒ ትካል ንግዲ ሲያትል መጠን ፖለቲከኛታት ስርዓተ ገበናዊ ፍትሒና ብምፍራሶም፣ ገበን፣ ወልፍን ሕማም ኣእምሮን ሞት ከስዕብ ብምፍቃዶም፣ ዕንወት ትካላትናን ውቁብ ማእከል ከተማን ከምኡ'ውን ስምዒት ድሕነት ነፍሲ ወከፍ ዜጋን ዘስዓቦ ሳዕቤን ክነብር ተገዲደ። ከም ነባሪ መጠን ምስቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝውስኽ ዘሎ ክራይ ገዛ ክቃለስ ከምዘለኒን ገዛ ክዕድግ ከለኹ ዋጋ ክኽፈል ከም ዘይኽእል ድማ ተሞክሮ ወሲደ ኣለኹ። ከም ኣባል ምምሕዳር ከተማኹም መጠን፣ ነቲ ናይ ደሞዝ ምስ ክራይ ገዛ ዘሎ ፍልልይ ዝቐንስ፣ ንክፍሊ ፖሊስና ዳግማይ ዝሃንጽ፣ ናይ ገዛእ ርእስና ቤት ማእሰርቲ ከተማ ዘውሕስ፣ ማእሰርትን ናይ ማእሰርቲ ፍርድን ዝፍቅድ፣ ንለበዳ ዕጸፋርስን ሕማም ኣእምሮን ንምፍታሕ ናይ ነዊሕ ግዜ መንበሪ ማእኸላት ሕክምና ብምህናጽ ግብራዊ ፖሊሲ ብምሕላፍ ንከገልግለኩም ተልእኾይ ክኸውን እዩ።

ዝሓሸ ክንነብር ንኽእል ኢና። ኩሉ ዜጋ ሓደ ዓይነት ድሌት ኣለዎ፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ክግበረሉን ከምኡ'ውን ኣብ ሰላማዊ፣ ርጉእ፣ ብልጽግና ዘለዎ ሕብረተሰብ ክነብርን። ድሕንነት ናብ ከተማና ንግድን ብልጽግናን ክመልሶ እዩ። ነዚ ብሓባር ክንገብሮ ንኽእል ኢና። ድምጽኹም እንተረኺበ፣ ነቲ ዘይተሰምዐ ድምጺ፣ ነቲ ናይ ሓባራዊ ስምዒት ዝኾነ፣ ስሙር ድምጺ ብምዉካል ነቲ ንነዊሕ እዋን ንኹላትና ምንም ዉጽኢት ዘየምጽአ ኣሰራርሓ ንምቕያር ክሰርሕ እየ። ናይ ዲሞክራሲ ቫውቸራት ንናይ ደገ ሰባት ንምምዋል ይሕግዙ። ሎሚ ብናይ ዲሞክራሲ ቫውቸርኩም ጎስጓሰይ ደግፉ።

እዚ ሕጹይ ኣብ ፕሮግራም ቫውቸር ዲሞክራሲ ይሳተፍ ኣሎ።



ሽም ሕጹይ፡- ሬይ ኤ.ሮጀርስ (Ray A. Rogers)

ሽም ወፍሪ መረጻ፡- ሬይ ኤ.ሮጀርስ ንቤት ምኽሪ ከተማ ሲያትል ወንበር 8 (Seattle City Council፣ position 8)

መርበብ ሓበሬታ  ወፍሪ መረጻ፡- www.RayRogersForSeattle.com

ናይ ስልጣን ቦታ፡- 8

ስልኪ ቑጽሪ ወፍሪ መረጻ፡- 206-641-0859

ኣነ ስለ ዝነበርኩዎ መንግስቲ ምስ ዝፈሸል እንታይ ከም ዝኸውን እፈልጥ እየ። ንዓይ ሓዊሱ ብዙሓት ህጻናት ናብ ዓመጽን ሱስን እናኣተዉሉ ኣብ ዘለሉ እዋን እዩ ኣብ ደቡብ ምብራቕ ሲያትል ውሽጢ ዝዓበኹ። ንዓመታት ምስ ገዛ ኣልቦነትን ምስ ምጥቃም ሓሽሽን ምስ ማእሰርትን እናተቓለስኩ ኣሕሊፈዮ። ህይወተይ ኣብዚ ከብቅዕ ይኽእል እዩ ነይሩ። ነገር ግን ኣይነበረን፣ ምኽንያቱ ሓደ መራሒ ማሕበረሰብ ካልእ ሰብ ኣብ ዘይኣመነሉ እዋን ግዜ ወሲዱ ኣባይ ይኣምነኒ። ንህይወተይ ቀይሩ። ንዝሓለፉ 20 ዓመታት ድማ ንኻልኦት እውን ከምኡ ንኽገብሩ ንምሕጋዝ እየ ዝሰርሕ ነይረ።

ሕጂ ከተማና ኣብ ኣገዳሲ እዋን ስለዘላ ንቤት ምኽሪ ከተማ ሲያትል (Seattle City Council) እየ ዝወዳደር ዘለኹ። ኣብ ባይታ ገበንን ወልፊን ኣብ ምቅላስ ትኽክለኛ ልምዲ ኣለኒ። ወልፊ፣ ዓመጽን ገዛ ኣልቦነትን ዘጋጥሞም ሰባት ዝድግፍ ናይ መሰረታዊ መደብ ሰርክል ኦፍ ላቭ ኣውትሪች (Circle of Love Outreach) መስሪተ።

ኣብ ንቤት ምኽሪ ከተማ (Council) ውሽጢ ዝርከቡ ሓድሓደ ዝለዓለ ጉድኣት ኣብ ዘብጻሐ ምምስቓል፣ ምክፍፋልን ሓቅን ምክሓድ ክምሉስና ይደልዩ። እዚ ንክፍጠር ከይትፈቕዱ። ንሰባት ካብ ድንኳን ወጺኦም ናብ መንበሪ ገዛ ክሰጋገሩ ብልውሃትን ብቅልጣፈን ክሰርሕ እየ። ኣብ ፕሮግራማት መንእሰያት፣ ምክልኻል ዓመጽ፣ ደገፍ ጥዕና ኣእምሮን ሓቀኛ ቁጠባዊ ዕድልን ወፍሪ ክገብር እየ-ምኽንያቱ ኣብ ዘይንገብሮ እዋን እንታይ ከም ዝኸውን ርእየ እየ። ከምኡ’ውን ንማሕበረሰባትና ህያው ዝገብሩ ንኣሽቱ ትካላት ንግዲ ደው ክብል እየ።

እዚ ሕጹይ ኣብ ፕሮግራም ዴሞክራሲ ቫውቸር ውሽጢ እናተሳተፈ ኣይኮነን።



**ስም ሕጽይቲ ፦** Dionne Foster (ዲዮን ፎስተር)

**ስም ወፈራ፦** ዲዮን ንሲያትል

**ወብሳይት ወፈራ፦** dionnefoster.com

**ኣብ ከተማ ዝህልዋ ሓላፍነት፦**ቤት ምኽሪ ከተማ ሲያትል ደረጃ #9

**ቍጽሪ ተሌፎን ወፈራ፦** 206-651-5493

ውሕስነቶም ዝተሓለወ ጐደናታት፣ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎም ኣባይቲን፣ ከምኡ'ውን መሰላትና ዝሕልዉን ድምጽና ዘኽብሩን መራሕቲ ሲያትል ክህልዉና ይግብኣና ኢዩ።

ዲዮን ፎስተር ክኢላ ናይ ፖሊሲ፣ መራሒት ማሕበረሰብ፣ ዝሰልጠነት ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፣ ከምኡ'ውን ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ንማሕበረሰብና ዝያዳ ውሕስና፣ ቀጻልነትን፣ ማዕርነትን ከም ዝህልዎ ዝገበረት ኣደ ኢያ። እምበኣር ነዚ ኣወንታዊ ዝኾነ ኣመራርሓኣ ንምቕጻል እያ ንቤት ምኽሪ ኸተማ ትወዳደር ኣላ፣ እዚ ኸኣ ንብሕታዊ መደባታ ዘይኮነስ፣ እቲ ቤት ምኽሪ ነቲ ሓባራዊ ቐዳምነት ዚወሃቦ ነገራትን ህጹጽ ድሌትን ንምምላእ ከም ብሓድሽ ጠመተ ሂቡ ክሰርሕ ንምግባር እዩ።

ኣብ ዋሽንግተን ዋና ዳይረክተር WA Progress Alliance ከም ምዃና መጠን፣ እቶም ሃብታማት ዝኮኑ ክፋላት ማሕበረሰብ ግቡእ ክፍሊት ከም ዚኸፍሉ ብምግባርን ተመጣጣኒ ዋጋን ገንዘባዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ ድሌታትን ዝምልከቱ ጸገማት ክፍትሑ ብምግባር፣ ኣብ ክንክን ሕጻናትን፣ ኣብ መባእታዊ ትምህርትን፣ ኣብ ህንጻት ቤት ትምህርቲታትን ታሪኻዊ ወፍሪ ክካየድ ኣብ ምግባርን ነዚ ወፍሪ ኣብ ምዕቃብን ሓጊዛ እያ።

ዲዮን (Dionne) ኣብ ከተማ ሲያትል ላዕለወይቲ ኣማኻሪት ፖሊሲ ከም ምዃና መጠን፣ ህዝባዊ ድሕንነት ንምምሕያሽ፣ ንመንእሰያት ዕድላት ኣብ ምፍጣር፣ ከምኡውን ሸቶታት ለውጢ ከባቢ ኣየር ኣብ ምምጻእን ተሳትፎ ገይራ እያ። ኣብ Seattle Foundation፣ ኣብ'ተን ሓደሽቲ ስትራተጂታት ኣባይቲ ዘዳልዋን ቍጠባዊ ለውጢ ክመጽእ ዝገብራን ውዳበታት ገንዘብ ኣውፊራ እያ።

ብናታትኩም ሓገዝ ድማ፣ ዲዮን ሲያትል ሃገራዊ ብድሆታት ኣብ ምፍታሕ ሓደ ኮይና ክትሰርሕ ኣብ ምግባር፣ ከምኡድማ ኩሉ ሰብ ኣብ'ዛ ኸተማ ውሑስነት ክስመዖ፣ ተቐባልነት ክረክብን ኣብ'ዛ ኸተማ ዘድልዮ ደገፋት ክረከብን ኣብ ምሕጋዝ ከባቢያዊ ምምሕያሻት ክመጽኡ ኣብ ምግባር ክትሰርሕን እያ። ኣብዚ ውድድር መረጻ እዚ እታ እንኮ ብቤት ምኽሪ ዕዮ ማርቲን ሉተር ኪንግ (MLK Labor Council) ድጋፍ ዝረኸበት ዲዮን (Dionne) ጥራሕ ኢያ።

*እዛ ሕጹቲ እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*



**ስም ሕጽይቲ፡-**Sara Nelson (ሳራ ኔልሰን)

**ስም ወፈራ**፡- Sara Nelson for City Council (ሳራ ኔልሰን ንቤት ምኽሪ ኸተማ)

**ወብ ሳይት ወፈራ፡-** SaraForCityCouncil.com

**ቦታ፡-**ቤት ምኽሪ ኸተማ ሲያትል ቦታ 9 ንሙሉእ ከተማ ዝምረጹን ዝውክሉን (At-Large)

**ቍጽሪ ተሌፎን ወፈራ፡-** 206-821-6140

ኣነ ሳራ ኔልሰን እበሃል፣ ብደረጃ ሙሉእ ከተማ ኣባል ቤት ምኽሪ እየ።

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት፣ ሲያትል ሞባለአ ተዓጊቱ እዩ ነይሩ፡ እዚ ክበሃል እንከሎ እንዳወሰኸ ዝኸይድ መጠን ገበን፣ ሰባት ኣብ መናፈሻታ ክነብሩ ምፍታን፣ እቲ ዝነበረ ቤት ምኽሪ ድማ ኣብ ክንዲ ምምሕያሽ ዝገብር ሓሳብ ኣብ ምቕራብ ዝያዳ ተገዳስነት ዝነበሮ እዩ ነይሩ። ነዚ ንምቕያር ድማ ኢየ ተወዳዲረ።

ሎሚ፣ሐዚ ኣብ መወዳእታ ኣንፈት ንቕይር ኣለና። ሲያትል ካብቲ ኻብ 2019 ንነጀው ዝነበረ ንመጀመርታ ግዜ ካብ'ቶም እንስእኖም ንላዕሊ ብዙሓት ኣባላት ፖሊስ አብ ምቑፃር ትርከብ። ምስ ኤቨርግሪን ሕክምና ኣገልግሎት ዘሎና ርክብ ብምስፋሕ ንለበዳ ፈንታኒል ኣብ ምፍታሕ ንነጥፍ ኣለና፣ እዚ ኸኣ ነቶም ምስ ሕማም ኦፒዮይድ ዚቃለሱ ሰባት ብቕጥታ ተንቀሳቓሲ ቀረብ መድሃኒትን ደገፍን ከም ዝረኽቡ ዚገብር እዩ። እተን ኣብቲ ኸባቢ መንበሪ ዝነበራ ትካላት ንግዲ ብሰረቕቲ ሰቢርካ ምእታው ምስ ኣጋጠመን ከኣ ወጻኢታተን ንምምላስ ዚሕግዝ ሓገዝ ገንዘብ ንጽገና ድኳን (Storefront Repair Fund) ኣቜምና ኢና።

ኵሉ ሰብ ከምቲ ኣነ ዝነብረኒ ዕድል ሕውየት ክህልዎ ይግባእ። ስለ'ዚ ኸኣ ኢየ ኣብ ብምልእታ ኸተማና ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ፣ ብናጻን፣ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉን ሕክምና፣ ኣብ ምሃብ ዘተኰርኩ።

መወዳእታ ዘይብሉ ኸትዕ ምክያድ ዘይኰነስ ውጽኢት አብ ምምፃእ እየ ዝኣምን። እዚ ድማ ነተን አናእሸቱ ንግዳዊ ትካላት ንኽዕምብባ ምሕጋዝ ወይ ነተን ንኸተማና ህያው ዝገብራ ናይ ማሕበረሰብ ሰረት ዘለወን ትካላት ምድጋፍ ክኸውን ይኽእል።

እቶም ዜጋጥሙና ብድሆታት እተሓላለኹ እኳ እንተ ኾኑ ብሓባር ኴንና ግና ሓቀኛ ለውጢ ክነምፅእ ንኽእል ኢና። ነዚ ዕዮ እዚ ንምቕጻል ደገፍኩም ክረክብ ክብሪ ይስመዓኒ።

*እዛ ሕጺተ እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲያዊ ቫውቸር ኣይትሳተፍን ኢያ።*